# ኣበርክቶ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ምምዕባል ቋንቋታት ኤርትራ

ኣበርክቶ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ሂወትና ዓብሊሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ ንሕና ውን ከም ኩሉ ሕብረተ ሰብ ኣካል ናይ ማሕበራዊ ይኹን ካልእ ንጥፈታትና ካብ እንገብሮ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ ኣሎ። እንተኾነ ግን፣ ብሰንኪ ድሩትነት ኣብ ቋንቋና ዝተሰረተ ቴክኖሎጂ፣ ኣብ ካልእ ቋንቋ ብፍላይ ከኣ ቋንቋ እንግሊዝ ክንምርኮስ ተገዲድና ኣለና። እዚ ከበሃል ከሎ፣ ዋላ ሓደ ተበግሶ አይተገብረን ንምባል ዘይኮነ፣ ነቲ ዘሎን ዝተሰርሐን ኣለሊኻ፣ ምስቲ ዘሎ ሕጽረታት ምግንዛብን ዓቕምታት ሕብረተሰብና አብ'ዚ ዓውዲ ኣለሊኻ ነቲ ዘሎ ሃጓፋት ንምምላእ ዝዓለመ ኢዩ።

እምበኣር ካብዚ ብምብጋስ፣ ኣብዚ ዘቐርቦ ጽሑፍ ብውልቀይ ካብ ዝፈተንክዎ ተበግሶ ኣብነት ብምውሳድ ንቐጻሊ ክንገብሮ እንኽእል ተብግሶን ምትሕብባርን ዘኽእለና መንገዲ ንምርካብ እዩ።

ተኸተልቲ ኦርቶዶክስ ክርስትያን ኤርትራ፣ ነት ኢትዮጵያውያን ውግዓዊ ዝጥቀሙሉ ዓውደ ኣዋርሕ ከም መለልዩ ብዓላትን፣ አጽዋማትን ይጥቀሙሉ። እንተኾነ ውግዓዊ ዓውደ ኣዋርሕ ናይ ሃገርና ኤርትራ ነቲ ብ ግሪጎርያን (ናይ ፈረንጂ) ዝፍለጥ ዓውደ ኣዋርሕ ስለ ዝጥቀም፣ ሕብረተሰብና ነታ ኣብ ዓመት ሓንሳብ እትሕተም ብ "ሓጎስ ዓውደ ኣዋርሕ" እትፍለጥ ንእሽቶ መጽሓፍ ብምግዛእ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ናይ ግእዝን ግሪጎርያን ዓውደ ኣዋርሕ ዘሎ መዓልታት ከገናዝብ ይኽእል።

ግእዝ ዓውደ ኣዋርሕ 13 ኣዋርሕ ዝውንን ምስ ባህርያዊን፣ ማሕበራዊን ኩነታት ሕብረተሰብና (ብፍላይ ኣብ ከበሳታት ዝርከብ) ዝሳነ ኮይኑ ኣብ መደባት ንግደት፣ መርዓ ወዘተ ዕዙዝ ተራ ኣለዎ።

ስልዝኾነ ድማ፣ ብፍሉይ ተገዳስነት ነቲ ዓመት ዓመት ዝሕተም መጽሓፍ ብ ኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ ብምድላው፣ ናይ ዝኾነ ዓመተ ምህረት በዓላትን ኣጽዋማትን፣ ከምኡ'ውን ካብ ፈረንጂ ናብ ግእዝ ከምኡ'ውን ካብ ግእዝ ናብ ፈረንጂ ተቐይር።

ነቲ ምዕባለ ቋንቋ ኣብ ግምት ብምእታውን፣ ሙሉእነት መታን ክህልዎን ድማ፣ ኩሉ እቲ ኣጠቓቕማ ስርዓት ናይ'ታ ስራሕ ሙሉእ ብሙሉእ ብትግርኛ ኢዩ ፣ ተወሳኺ ናይ ግእዝ ሶፍትዌር ከይተጠቀምካ መዘከርታ ብትግርኛ ክትጽሕፍ ምኽኣል ድማ ካልእ ብልጫ ናይ'ዛ ስራሕ እዩ።

እዚ ዝገለጽክዎ ስራሕ ሓደ ኣብነት ንቋንቋና ሙሉእ ብሙሉእ ተጠቂምና ምስ እዚ ዘሎ ምዕባለ ጎድኒ ጎድኒ ክንከይድ ከም እንኽእል ዘመስክር ኮይኑ፣ ኣብ ቀጻሊ ንዝመጽእ መደባት እውን ጽቡቐ ኣንፈት ከምዝህብ ዘለኒ ተስፋ ዓቢ ኮይኑ፣ ገለ ገለ ዘለኒ ተመሳሳሊ መደባት ብምዝርዛር ምስ ግዱሳት ናይ ምትሕብባር መድረኽ ንምፍጣር ዘለኒ ድልየት ክገልጽ ኢየ።